ምዕራፍ 10

ፔጊ-ማልኮቪች ምስ ዉድሮው-ስታንፎርድ ሓዳር ካብ ትምስርት ክልተ ዓመት እኳ እንተገበረት ብእንዳ ስድራ ሄሪ ስታንፎርድ ግን ክሳብ ሕጂ ‘እታ ኣሳሳይት’ እንዳተብህለት እያ ትጽዋዕ።

ልክዕ እዩ ዉድሮው-ስታንፎርድ መጀመርታ ንፔጊ ክላለያ እንከሎ ኣሳሳይት እያ ነይራ። ሰባት ንዉድሮው ብሙሉእ ስሙ ዘይኮኑ ኣሕጺሮም ‘ዉዲ’ እንዳበሉ እዮም ዝጽውዕዎ። ምጭውነቱን ግሩም መልክዑን ብብዙሓት ኣዋልድ ተጠማታይ ከም ዝኸውን እኳ ተገብርዎ፡ ምስዚ ኩሉ ትዕድልቱን ተፈታዊ ተዋዛያይ ባህሪኡን ነታ ሽዑ ጓል ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ዝነበረት ፔጊ-ማልኮቪች ምስ ተመርዓወ፡ ንኹሉ ኣገሪሙን ኣስደሚሙን እዩ። ፔጊ-ማልኮቪች ኣዝያ ጽብቅቲ ዘይትብላ፡ እንተኾነ ማዕረ ሰባ መልክዕን ግርማን ዘይተነፍጋ ካብ ትሑት መነባብሮ ዘለዎም ስድራ ዝተወልደት ገና ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርታ ከይዛዘመት ኣብ ስራሕ ዝተዋፈረት ውጽዕቲ እያ።

ዉዲ ንፔጊ ምምርዓዉ ዘስደምም ከም ዝኸውን ዝገበሮ ምኽንያት እንተሎ፡ ኩሎም ቤተሰቡ፡ ፈተውቱን የዕሩኽቱን ዝተመነዩሉ፡ ኣዝያ ተፍቅሮን ብኹሎም ተቐባልነት ንዝነበራን ጓል ሃብታማት ሚሚ-ካርሰን ገዲፉ ነታ ብዓይኒ ሃብታማት ኣብ ጸብጻብ ዘይትኣቱ ኣሳሳይት ምምርዓዉ እዩ።

ኣብቲ ሽዑ ግዜ ናይ ክልቲኦም መርዓ ብኹሉ ሽነኻቱ ክወሓጠሎም ዘይከኣለ ፈለጥቱ፡ “ዉዲ ክምርዓዋ ዝወሰነ ጥንሲ ብምሓዛ እዩ” እንዳበሉ ብርግጸኝነት ወረ ክነዝሑ እዮም ጀሚሮም። ኣቡኡ ነዚ ምስ ሰምዐ “እንታይ ማለትካ’ዩ ግን ክምርዓዋ ኢልካ ምውሳንካ?! ..... ጥንሲ ክትሕዝ ትኽእል እንድያ ግን ንኣሳሳይት! ... እሞ ምስ ደረጃኻ ዘይትመጣጠን!!” ብምባል እዩ ብምስትንዓቕ ዘእወየሉ።

ዉዲ ናይ ኣቡኡ ነገር ኣገሪምዎ፡ ነቲ ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ኣብ ሆብ-ሳውንድ ኣብ ግዜ ቆልዕነቱ ንዘጋጠመ’ሞ መዛረቢ ኣርእስቲ ናይቲ እዋን ንዝነበረ ኣነዋሪ ተግባር ኣቡኡ ዘከረ። ኣብ ልዕሊ ኣቡኡ ዘለዎ

ክቱር ጽልኢ ክሓብአ ኣይደልይን እዩ። ብቐንዱ ምስታ ኣሳሳይት እንዳበሉ ዘስተናዓቁሉ ኣፍቃሪቱ ክምርዖ ዝወሰነ ዘይከም ኣቡኡ፡ ናይ ሰብ ክብሪ ዝፈልጥ፡ ንእንታይነት ሰባት ዘየራኽስን ምኂኑ ንነብሱ ከእምና ብምድላዩ ነበረ።

** ** **

ኣብ መርያኡም ካብ ኣዝማድ ሰበይቱ ንበይኑ ከም ተዓዳሚ ዝተረኽበ፡ ምዕባይ ሓዋ ንፔጊ ‘ሁፕ’ ጥራይ ነበረ። ሁፕ ካብ ከተማ ኒው-ዮርክ እዩ ንመርዓ ሓፍቱ ክብል ነዊሕ ተጓዒዙ ኣብ ከተማ ቦስተን ናብ ዝርከብ ሆብ-ሃውስ ዝተባህለ ቦታ ዝመጽኣ። ንሓፍቱ ብክልተ ዓመት እዩ ዝዓብያ። ሕብስቲ ኣብ ዘፍሪ ትካል ከም ሰራሕተኛ ተቐጺሩ ከኣ እዩ ዝሰርሕ።

ንዉዲ “ብልጽቲ ሰብ ኢኻ ረኺብካ” በሎ ሁፕ ድሕሪ ናይ መርዓ ስነስርዓት ምዝዛሙ።

“እፈልጥ” መለሰሉ ዉዲ ቀስ ኢሉ ኩነታቱ ከጽንዕ እንዳፈተነ።

“በል ንሓፍተይ ጽቡቕ ጌርካ ተኽናኽና ኢኻ”

“ዝከኣለኒ ዘበለ ንክገብረላ ኣይክስልክይን እየ”

“ጽቡቕ!! ኣነ’ውን ነዚ እየ ክሰምዕ ዝደሊ”

ኣብ ሞንጎ ሓደ ናይ ሕብስቲ ሰራሕተኛን፡ ወዲ እቲ ካብ ዓለምና ዝሃብተሙ ሰባት ዝኾነን ዝተኻየደ ደረቅ ዝርርብ እዩ ነይሩ። ኣርባዕተ ሰሙን ድሕሪ ምፍጻም ስነስረዓት መርዓ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ምቅልጣፍ መርዕኡም ዝነበረ ጥንሲ ተነጸለ።

** ** **

ኣብ ሆብ-ሳውንድ ዝቕመጥ ሕብረተሰብ፡ ዘይከምቶም ካልኦት ኣብ ከባቢ ቦስተን ዝርከቡ ቦታታት ሕውስ ኣይኮነን። ኣብ ትሕቲ እዛ ብሆብ-ሳውንድ ትፍለጥ፡ ኣብ ግዝኣት ቦስተን ትርከብ ኣዝያ ገፋሕ ዘይኮነት ግን ከኣ ኩሎም ነበርቲ ሆብ-ሳውንድ ዝሕበኑላ ጁፒተር ትበሃል ደሴት ኣላ። እዛ ደሴት እዚኣ ብምዕራብ ምስ ገማግም ማያት ሆብ-ሳውንድ ክትዋሰን ከላ ብምብራቕ ከኣ ምስ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ እያ ትዳወብ።

እቲ ገና ቅድሚ መርዕአም ብኩነታት ነበርቲ እታ ከተማ ዝተሻቀለ ዉዲ፡ ድሕሪ መርዓ ንፔጊ ብኽመይ ኣብቲ ናይ ሃብታማት ሕብረተሰብ መንበሪ ዝኾነት ሆብ-ሳውንድ ተቐባልነት ከም ዝህልዋ ይገብር ከሕስቦን ከጨንቆን ጀመረ። ኣንቶኒ-ፕሊተኣር ሓንቲ ካብተን ኣብ ሆብ-ሳውንድ ዓቢ ክብርን ተሰማዕነትን ዘለወን ንነዊሕ ዓመታት ዝተቐመጠት ሰበይቲ እያ። ኣብቲ ሕብረተሰብ ንዘጋጥሙ ማሕበራዊ ዘይምርድዳእ፡ ከም ዓራቒትን ፈራዲትን ኮይና ሓቀኛ ተሓላቒት ነበርቲ ሆብ-ሳውንድ ምኽና እውን ብተግባራ ኣመስኪራ እያ። እዛ ሰበይቲ፡ ኣብ ሆብ-ሳውንድ ሓደሽቲ ተቐመጥቲ ምስ ዝመጽኡን ባህ ዘብሉ ዓይነት ኮይኖም ተዘይረኺባቶም፡ ብመንገዲ ኣውቲስታኣ ነቶም ኣጋይሽ ካብ ቆርበት ዝተሰርሐ ዓቢ ሻንጣ ከም ዝበጽሖም ትገብር ነበረት። እዚ ከኣ ኣብቲ ሕብረተሰብ ‘እንቋዕ ደሓን መጻእኩም’ ከም ዘይተባህሉ ዝገልጽ ምልክት ኮይኑ ከም ልምዲ ተወስደ።

ሓደ እዋን ነበርቲ ሆብ-ሳውንድ ሓደሽቲ መርዓውቲ ናብ ግዝኣቶም ከም ዝመጹ ምስ ነገርዋ፡ ከም ትጽቢት ነበርቲ ነቶም ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ቆርበት ሻንጣ ልኣኽትሎም። ሓዳሽ መርዓት ትርጉም እቲ ሻንጣ እንታይ ምኽኑ ምስ ፈለጠት ንኣንቶኒ ኣባጨወትላ። “እዛ ኣረጊት ሰበይቲ ንዓይን ንሰብኣየይን ካብ ሆብ-ሳውንድ ክትሶገና ትሓስብ እንተሃልያ ጽልልቲ’ያ!!” እንዳበለት ብድፍረት ክትዛረብ ከኣ ተሰምዐት።

ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ግን፡ እታ ሓዳሽ ተቐማጢት ዘይተጸበየቶም ነገራት ከጋጥምዋ ጀመሩ። ሰብኣያ ናይ ጋራጅ ንግዲ ክኽፍት ኢሉ ናብቲ ቦታ እኳ እንተመጽኣ፡ ኣብ ትሕቲኡ ተቐጺሮም ክሰርሑ ዝደልዮ ሰብ ሞያ ሰኣነ። ሰበይቱ እውን ትደልዮ ዓይነት ኣስፔዛ ኣብ ግሮሰሪ ክትረክብ ኣይከኣለትን። ሰባት ካብኣቶም እንዳርሓቁ ይኽዱ ምህላዎም ምስ ተፈለጦም ተነጽሎ ክስምዖም ጀመረ። ኩሎም ጎረባብቶም ኮኑ ሓለፍቲ መንገዲ፡ ነቶም ሓደስቲ ተቐማጦ ኣቓልቦ ነፈግዎም። ሰለስተ ኣዋርሕ ድሕሪ እታ ናይ ቆርበት ሻንጣ ምልኣኻ ከኣ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ሆብ-ሳውንድ ንዝዓደግዎ ገዛ ሸይጦም ካብታ ግዝኣት ተሰወሩ።

** ** **

ዉዲ ንፔጊ ክምርዓዋ ምኽኑ ምስተወርየ፡ ኣብ ሆብ-ሳውንድ በቲ ዜና ዘይሰንበደ ሰብ ኣይነበረን። ድሕሪ መርዓ ከኣ ብኽመይ ኣብቲ ሕብረተሰብ ክብሪ ተዋሂብዎም ክነብሩ ይኽእሉ ዝብል ሕቶ ንኹሎም ፈተውቲ ዉዲ ዘሻቀለ ነበረ። እንተኾነ ምስ ግዜ፡ ኣብታ ግዝኣት ዝቕመጡ ዓበይቲ ሰባት ድሕሪ ዘካየድዋ ዝርርብ፡ ንፔጊ ንሰለ እቲ ኣዝዮም ዝፈትዎን ዘኽብርዎን ወዲ ሄሪ ስታንፎርድ ክብሉ መርሓባ ኢሎም ክቕበልዋ ወሰኑ።

ኣብተን ድሕሪ መርዕኦም ዝነበራ ቀዳሞት ሰሙናት ፔጊን ዉዲን ካብ ጎረባብቶም ኮነ ካብ ፈለጥቱ ንማለቱ'ኳ ናይ ድራር ወይ ምሳሕ ዕድመ ኣይተቐበሉን። ቀስ ብቀስ ግን ነበርቲ ሆብ-ሳውንድ ግቡእ ኣቐባብላ ከርእይዎም ጀመሩ። ካብ ዝተፈላለዩ ስድራ ናይ ዕድመ መጸዋዕታ ክመጽኦም ጀመረ።

“እታ ጓል ገለ ብሉጽነት ተዘይህልዋ፡ ዉዲ ዝኣክል ሰብ ንዓኣ ክምርዓው ኣይምመረጸን ነይሩ” ዝብል ወረታት ኣብ ሆብ-ሳውንድ ክስማዕ ጀመረ።

እቲ ሓቂ ክገሃድ ግን ነዊሕ ግዜ ኣይወሰደን። ፔጊ ዘይከም ትጽቢቶም ኮይና ጸንሓቶም። ኣብ ትዕደሙሉ ዝነበረት ቦታ ብእተርእዮ ዝነበረት ዘይእሩም ጠባያት ብሕብረተሰብ ሆብ-ሳውንድ ዳግማይ ክትጽላእ ጀመረት። ፔጊ ከይተገደሰት ኣብ ልዕሊ ዉዲ ንዘለዎም ክብሪ ክገልጹ ብምባል ዕድመ ናብ ዘቕርቡሎም ዝነብሩ ቤተሰብ ዘይቅቡል ዝኾነ ኣከዳድና ተኽዲና ክትከይድ ጀመረት። የዕሩኽ ዉዲ ብኩነታት ፔጊ ሓሪቆም ከም ወትሩ ሕሜትኦም ክቕጽልዎ ተገደዱ።

“ነዚ ክውስን ከሎ እንታይ ሰይጣን ዓዚምዎ ነይሩ'ዩ? ከመይ ኢሉ ንኽምዚኣ ዝኣመሰለት ቀልቢ ዘይብላ ሰብ ተመርዕዩ? ካብ ነዚኣስ ዝኾነት ሓላፊት መንገዲ መዋጽኣቶ”

ካብ ኩሉ ንኹሉ ነባራይ ሆብ-ሳውንድ ዘገረመ፡ እታ ቀዳማይ ናይ ዕድመ መጸዋዕታ ነዞም ሓደስቲ ሰብ ሓዳር ዘቕረበት፡ እታ ንዉዲ ክምትምርዓዎ እያ እንዳተባህለ ዝዝረበላ ዝነበረት ሚሚ-ካርሰን

ብምኺና እዩ። ሚሚ ምስ ደረጅኡ ፍጹም ዘይትበቅዕ ጓል ምምርዓዉ ኣዝያ ከም ዝሓዘነት ንዉዲ ክትነግሮ ኣይመረጸትን። ኣብ እዋን መርዕኡ መሓዙታ ካብኡ ዝበልጽ ካልእ ወዲ ከም እትረክብ ብምንጋር ከጸናንዕዎ'ኳ ተፈተኑ፡ ሚሚ ግን ክሳብ ሕጂ ልዕሊ ዉዲ ኣብሊጻ ትርእዮ ኣፍቃሪ የብላን።

** ** **

ዉዲ ሓዳሩ ክሰምር ዝከኣሎ ዘበለ ፈቲኑ እዩ። ካብ መጀመርትኡ ንፔጊ ክምርዓው ምውሳኑ ጌጋ ምንባሩ እኳ እንተኣመነ ብሰንኪ ህዉኽ ውሳኔኡ እንዳበደላ ክነብር ግን ኣይመረጸን። ነዚ ብምእማን ብዝተኻኣሎ ዓቕሙ ግዱስን ሓላዩ ሓዳሩ ክኸውንን ፈተነ። ከምዚ እንዳገበረ ነቶም ብደገ ዝርብሸዎ ዝነበሩ ወረታት ከፍሸል ኣብ ዝጽዕረሉ ዝነበረ እዋን ግን ፔጊ ነቲ ካብኣ ዝጽበዮ ዝነበረ እጃም ብጉቡእ ትጻወት ኣይነበረትን። መሰረት ኩሉ ስልችውነታ ክኸውን ዝኽኣለ ከኣ ምስ ሰብኣያ ኮነ የዕሩኹ ዘቕራርብን ዘመሳስልን ዝኾነ ነገር ስለ ዘይብላ ነበረ። ነገራት ናብ ዝኸፍአ እንዳምርሑ ምስ ከዱ ኣብ ሓዳራ ንዘጋጥሙ ዘለዉ ክስተታት ክተዕልሎ ንሁጥ ክትድውለሉ ጀመረት። ምስቶም ኩሎም ጎረባብታን የዕሩኽ ሰብኣያን ክተዕልል ደረጃኣ ሰለ ዘሕፍራ ምስ ሓዋ ሁጥ መዓልታዊ ምድውዋል ኮነ።

"ንሁጥ ሓወይ ናፊቀዮ" ዝብል ዘረባታት ንዉዲ ተደጋጋሚ እንዳኾኖ መጽአ።

"እንተናፊቅክዮ ደኣ ... ኣብዚ ምሳና ንቅሩብ መዓልታት ንኽቅመጥ ዘይትጽውዕዮ" ብምባል ዉዲ ንፔጊ ንኽሕጉሳ መፍትሒ ዝበሎ ሓሳብ ኣቕረበላ።

"ደስ ምበለኒ .... ግን ኣይጥዕሞን እዩ። ስራሕ ከምዘለዎ ትፈልጥ እንዲኻ?!"

ዉዲ ኣብ ዝኽድዎ ናይ ምዝንጋዕ ምሸት ብዝተኻእሎ መጠን ንፔጊ ናይቲ ዕላልን ጸወታን ተሳታፊት ንኽትከውን ይፍትን እኳ ተነበረ፡ ንሳ ግን ስቕታ ብምምራጽ ከናፍራ እንዳረምጠጠትን ምስልቻው ኣብ ገጻ እንዳንጸባረቕትን ንሰብኣያ ኣደዳ ሕፍረት ምግባሩ ቀጸለት።

** ** **

ዉዲ፡ የዕሩኽቱ ምስ ኣቡኡ ንዘለዎ ሓርፋፍ ምቅርራብን ንመሕሸሺ ዘውጽአ ኣሸሓት ዶላራት ኣዲኡ ሓዲጋትሉ ካብ ዝሞተት ገንዘብ ዝርከብ ዓምታዊ መልዕሎ ዝመጽእ ምኻኑን ከም ዝፈልጡ ርግጸኛ እዩ። ኣብ ትርፊ ግዚኡ ምስዞም ኣዝዩ ዝፈትዎም የዕሩኹ ምዝንጋዕ ልዕሊ ዝኾነ ነገር እዩ ባህ ዘብሎ። ካልእ ኣብ ፈረስ ሰሪርካ ዝጽወት ጸወታ ቃርሳ ብጣዕሚ እዩ ዝፈቱ። ክሳብ ሕጂ ናይ ውልቁ መወዳደሪ ፈረስ የብሉን። ክጻወት ከሎ ዝጥቀመሎም ኣፍራስ ካብ ውሩያት ተጻወቲ እዩ ዝልቅሖም። ብሉጽነት ተጻወቲ ኣብ ፈረስ እንዳጋለብካ ንኩዑሶ ብበትሪ ብምኹብካብ ዝጽወት ጸወታ ብዘመዝግብዎ ነጥቢ እዩ ዝምዘን። እቶም ብሉጻት ተጻወቲ ደረጃ 10 ክኾኑ እንከለው ዉዲ ከኣ ካብኣቶም ብሓንቲ ደረጃ ትሒቱ ኣብ ደረጃ 9 ዝርከብ ምኩር ተጻዋታይ እዩ። ሳላ'ዚ ብቕዓቱ ምስ ብዙሓት ውሩያት ተጻወቲ ናይዚ ውድድር ክላለ ክኢሉ'ዩ። ምስ ከም በዓል ማርያኖ- ናይ ከተማ ቦነስ-ኣይረስ, ብራዚል፡ ምስ ዊኪ-ኢፈንዲ ናይ ቴክሳስ፡ ምስ ኣንድረስ ዲኒዝ ናይ ብራዚል ከምኡ'ውን ምስ ካልኦት ብዙሓት ስሙያት ተጻወቲ ብሓባር ተጻዊቱ እዩ። ናይ ዉዲ ባህግን ትምኒትን ከኣ ከምቶም ብደረጃ ዓለም ተፈላጥነት ዝተዋህቦም ዓሰርተ ክልተ ዝብዝሑም ናይ ደረጃ 10 ተጻወቲ ቃርሳ ኮይኑ፡ ስሙ ከም መበል ዓሰርተ ሰለስተ ንከጸውዕ እዩ።

"ዉዲ ግን ኣብ ደረጃ 9 ንምንታይ ተሪፉ ትፈልጡ'ዶ?" ብምባል ሓደ መዓልቲ የዕሩኹ ብዛዕባ ዉዲ ንሱ ኣብ ዘይነበረሉ እዋን ዕላል ጀመሩ። "ኣነ ይፈልጥ እየ ... ብሰንኪ ኣቡኡ እዩ ዝኸውን። ምናልባት ኣብ ደረጃ 10 እንተደይበስ ኣቦይ ኣብኡ ከይጸንሓኒ ስለዝብል እዩ ዝኸውን ... ይገርመኩም እዩ ኣብ ልዕሊ ኣቡኡ ዘለዎ ጽልኢ መጠኑ ዝሓለፎ እዩ" እቲ ሓቂ እውን ንሱ እዩ፡ ዉዲ ንኣቡኡ ብጣዕሚ እዩ ዝጸልኦ።

ሚሚ ካርሰን ብዝተኻእላ መጠን ንዉዲ ክተሕጉስ እያ ትደሊ። ቅድሚ ቀለቤት ምእሳሩ ጊታር ከም ህያብ ምስ ገዝኣትሉ የዕሩኹ ንምንታይ ከምኡ ከም ዝገበረት ምስ ሓተትዋ፡ ንሓቀኛ ስምዒታ

ሓቢኣ “ንዑ ብዝተኻኣለ ዓቅመይ ከሕጉሶ ደስ እዩ ዝብለኒ” ብምባል እያ መሊሳትሎም።

ህይወት ዉዲ ብዓይኒ እቶም ንሃብትን ናይ ስድራ ስምን ዓቢ ሚዛን ዝህብዎ ነበርቲ ሆብ-ሳውንድ ዘሕፍር እዩ። ብጸወታ ቃርሳን ዓመታዊ መልዕሎን ዝረኽቦ ንዝነበረ ገንዘብ ይጣልዓሉ ነበረ። ስም ስድርኡ ከይረዘኖ፡ ከይሓፈረ ከም ሓደ ድኻ ኣለቅሑኒ ንምባል ይሕርብቶ ኣይነበረን። ካብዚ ሓሊፉ’ውን ውሑዳት ጥራይ ዝፈልጡሉ ኣነዋሪ ተግባር ነይርዎ። ሓዳር ንዘለወን ኣንስቲ ሰብኡት ምድፋር ደስ እዩ ዝብሎ።

ምስ ግዜ በቲ ንሱ ዝገብሮ ዝነበረ ጌጋታትን ናይ ፔጊ ምስልቻውን ሓዳሩ እንዳተበላሸወ ክመጽእ ጀመረ። ካብ ልቡ ደላይ ሓዳሩ ኮይኑ ዘይኮነ፡ ኣቡኡ ንኽይሕጎስ ክብል ጥራይ፡ እንዳተጋህደ ይመጽእ ንዝነበረ ናይ ምንቁልቋል ኣንፈት ሓዳሩ ከም ዘይረኣየ ኮይኑ ዝከኣሎ ዘበለ እንዳገበረ ተስፋ ክዘርኣሉ ፈተነ።

“ፔጊ ... በጃኪ ኣብ ፓርቲ ንኽደሉ እዋን ሕውስቲ ንምኽን ፈትኒ”

“ንምንታይ ኢለ እየ ዘምስል? .... የዕሩኽካ እኮ ብትዕቢት ዝተመልኡ፡ ንነብሶም ከም ፈጠርቲ ዝርእዩ ሰባት እዮም። ከም ንዓኻ ዘይበቅዕ ሰብ ገይሮም እኮ እዮም ዝርእዩኒ”

“ፔጊ ... ልዕሌኺ ክስራዕ ዝኽእል ፍጡር የለን ... ንስኺ ንዓይ ልዕሊ ኩሉ ኢኺ፡ ስለዚ በጃኺ ... እዛ ዝበልኩኺ ክተተግብርያ ፈትኒ”

** ** **

ንደቀንስትዮ ጥራይ ዝሓቁፍ ማሕበር ደረስትን ስነጥበበኛታትን ሆብ-ሳውንድ፡ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ድሕሪ ዝገብሮ ኣብ ስነ-ጥበብ ዘተኮረ ዘተ፡ ናይ ምሳሕ እንግዶት ብምግባር እዩ ንመደቡ ከም ልሙድ ናይ ቀጻሊ ሰሙን ቆጸራ ብምሓዝ ዝዓጽዎ።

ሓደ መዓልቲ ማሕበርተኛታት ደቀንስትዮ ከምቲ ልሙድ ድሕሪ ምዝታየን፡ ኣብ ናይ ምሳሕ እንግዶት ከለዋ ኣሳሳዩ ናብ ወይዘሮ ኣንቶኒ-ፕሊተኣር ቀሪቡ “ወይዘሮ ዉድሮም ስታንፎርድ መጺኣ ኣብ ደገ ትጽበ ኣላ። ፍቃድኪ እንተኾይኑ ክትጽንበረኩም ደልያ ኣላ” ብምባል ኣብ እዝና ሕሹኽ በላ።

ኣብ ጠረጴዛ ከቢበን ዝነበራ ደቀንስትዮ፡ ገለ ነገር ከም ዘሎ ስለ ዝገመታ፡ ንወይዘሮ ኣንቶኒ-ፕሊተኣር ክከታተልኣ ጀመራ።

“የእትዋ” በለት ወይዘሮ ፕሊተኣር ድምጻ ዓው ኣቢላ፡ ኩላተን ተዓደምታ ክሰምዓ ብምድላይ።

ድሕሪ ቁሩብ ካልኢት ፔጊ ኣብ ቅድሚአን ደው በለት። ጸጉራ ብስነስረዓት ተመሺጣ ምስቲ ናይ ምሳሕ ስነ-ስርዓት ዝኸይድ ኣከዳድና ተኸዲና፡ ዘይከም ካልእ እዋን ምስቶም ሃብታማት ነበርቲ ከተማ ሆብ-ሳውንድ ዘመሳስላ ዝበለቶ ኣማሊኣ እያ መጺኣ። ግና ኣብ ክንዲ ቅልጡፍ ሰላምታ ዘፍጠጣ የዕንቲ ምስ ተቀበልኣ ብዝወሰደቶ ውሳነ ክትጠዓስ ግዜ ኣይወሰደላን።

ወይዘሮ ፕሊተኣር ርእሳ ድሕሪ ምንቅናቅ “ወይዘሮ ስታንፎርድ” ብምባል ናብተን ኣባላት እንዳጠመተት ንፔጊ ተዳሃየታ። ኩላተን ኣባላት እንታይ ትብላ ትኸውን ክብላ ጀመራ።

“ኣቤት” በለት ፔጊ ፍሸኽ እንዳበለት።

“ኣይተድልይናን ኢኺ .... ኣሳሳይት እንተኾነ ኣይሰኣንናን” ብሙሉአን ኣባላት ማሕበር ክስሕቃኣ ጀመራ። ፔጊ ንውርደታ ክትጻወሮ ስለዘይከኣለት እንዳጎየየት ካብቲ ቤት-መግቢ ወጽኣት።

ዉዲ ንዘጋጠመ ምስ ሰምዐ ኣዝዩ ተቆጥዐ። “ንዓኺ ከምኡ ኢላትኪ?!! ... ከመይ ዓይነት ድፍረትን ንዕቀትን እዩ ሰሪርዋ ዘሎ?” ብምባል ንሰበይቱ ሓቂፉ ክእብዳ ጀመረ። “ፔጊ ናተይ ..... ካልእ ግዜ ግን ቅድሚ ዝኾነ ውሳነ ምውሳንኪ ንዓይ ንገርኒ! ... ደሓር ከኣ ከይተዓደምኪ ናብ ምሳሕ ኢልኪ ኣይትኺዲ” በላ።

“ኣነሞ መዓስ .....” በለት ፔጊ ምልውዋጥ ዘረብኡ ኣገሪምዋ።

“ደሓን ደሓን!! ጽቡቕ ደሊኺ ከም ዝኸድኪ ይርድኣኒ እዩ። ሎሚ ግን ምሳይ ናብ እንዳ ብሌክስ ክወስደኪ’የ ....”

“ኣይከይድን እየ”

“ፔጊ!! ..... ተቀቢለዮ እኮ እየ ንዕድመኣም”

“ንስኻ ጥራይ ኪድ”

“ንስኺ ዘይብሉ ደስ ኣይብለንን እዩ ፔጊ”

“እሞ ኣነ ኣይከይድን እየ”

ዉዲ ኣማራጺ ስለ ዘይነበሮ ንበይኑ ናብ ኣንዳ ብሌክስ ከደ። ድሕሪ እዛ ዕድመ ከኣ ንበይኑ ናብ ግብጥ ስነስርዓት ክኸይድ ጀመረ። ኣምስዩ ናብ ገዝኡ ምእታው ልሙድ ነገር ገበሮ። ፔጊ እውን ሰብኣያ ምስ ካልኦት ኣምስዩ ናብኣ ይመጽእ ከም ዘሎ ርግጸኛ እንዳኾነት መጽአት።

እቲ ስዒቡ ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ሓደጋ ከኣ ንኩነታት ሓዳሮም ሙሉእ ብሙሉእ ከም ዝቕየር ገበሮ።

** ** **

ኣብ ጸወታ ቃርሳ ፈረስ እንከሎ እዩ እቲ ሓደጋ ዘጋጠሞ። ዉዲ ንጉቡእ ናይ ጸወታ ስልታዊ ቦትኡ ሒዙ ኣብ ዝጋልበሉ ዝነበረ እዋን፡ ናይ ኣንጻር ጋንታ ተጻዋታይ ኩዕሶ ንክሃርም ክብል እዩ ሰሪሩዎ ንዝነበረ ፈረሱ ዳሕረዋይ እግሩ ዝሃንኮለሉ። ብፍጥነት ዝጋልብ ዝነበረ ፈረስ በቲ ማህረምቲ ተሰናኺሉ ምስ ወደቐ ምሉእ ክብደቱ ኣብ ልዕሊ ዉዲ ዓረፈ። ብዝሰዓበ ናይ ኣፍራስ ሕንፍሽፍሽ ወዲቑ እንከሎ ብኻልኣይ ፈረስ ተቐልዐ። ብኣንቡላንስ ናብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ምስ ኣተወ ሓካይም ኣብ እግሩ መስበርቲ፡ ሰለስተ ናይ መሰናግለ የዕጽምቲ መንቃዕቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሳንቡኡ ህራም ከም ዘለዎ ፈለጡ።

ኣብተን ዝሰዓባ ክልተ ሳምንታት ዉዲ ሰለስተ ግዜ መጥባሕቲ ገበረ። ቃንዛ ይብርትዖ ስለ ዝነበረ ሓካይም ሞርፊን ንክወስድ ኣዘዙሉ። ፔጊ ንሰብኣያ ክትበጽሕ ናብ ዝደቀሰሉ ሆስፒታል መዓልታዊ ምምልላስ ተተሓሓዘቶ። ሁጥ ከይተረፈ ካብ ከተማ ኒው-ዮርክ ንሓፍቱ ከጸናንዕ ብዝብል ምኽንያት ናብ ሆብ-ሳውንድ መጽኣ።

** ** **

ዉዲ ብቃንዛ ይሳቐ ስለ ዝነበረ፡ ቀጻሊ ንቃንዛ ዘህድኣሉ ሞርፊን ክወሃቦ ግድነት ነበረ። እንተኾነ ኣድላይ ዘበለ ሕክምዊ ክንክን ወዲኡ ካብ ሆስፒታል ምስ ተፋነወ ዘይነበሮ ባህሪያት ከንጸባርቅ ጀመረ። ጽቡቕ ኣሎ እንዳበልካዮ ሃንደበት ክቁጣዕን ክሓርቅን ጀመረ። ንፔጊ ብዘየሕርቅን ዘይሳሓሕብን ነገር ሃንደበት ካብ ሞንጎ ዕላል ተንሲኡ ጠንጢንዋ ክወጽእ፡ ይሰምዓኒ ኣሎ እንዳበልካዮ ኣብ ርሑቕ ሓሳባት

እንዳሃውተተ ክጠፍእ፡ ምስ ሰባት ቆጸራ ጌሩ ክጠልም እዚ ጥራይ ከይኣክል ናብ ንቡር ኩነተ-ኣእምሮ ኣብ ዝምለሰሉ እዋን ኣብ ገዝኡ ንዝዕድሞም ዝነበረ ኣጋይሽ ከይተረፈ ክርስዖም ጀመረ። ከርእዮም ብዝጀመረ ዘይናቱ ዝኾኑ ሕማቅ ጠባያት ኩሎም ፈተውቱን ፈለጥቱን ክሻቀሉሉ ጀመሩ።

ዉዲ ክረጋጋእ ኣብ ዘይክእለሉ እዋን ንፔጊ ቀጻሊ ይጸርፉን ይዝልፉን ነበረ። ሓደ መዓልቲ እዩ ንሓደ ዓርኩ ኣብ ገዝኡ ዓዲሙ ኣብ ዘዕልለሉ ዝነበረ እዋን፡ ፔጊ ንዓታቶም ኢላ ንዘዳለወቶ ቡን ሒዛቶ ክትመጽእ ከላ ኣብኣቶም ምስ በጽሐት ተኻዕዋ። ሽዑ ኣብ ቅድሚ ዓርኩ ንዘዋረዳ ኣይትርስዖን እያ። “ቀደም ክፈልጠኪ ኣሳሳይት ኔርኪ ሕጂ’ውን ከምኣ ኢልኪ ኣለኺ ... ኣይተቐየርክን”

ክተሃራረም ብምጅማሩ ኣብ ገጻ በሰላታት ክረአ ጀመረ። ፔጊ ግን ምስ ኩሉ በደላቱ ሰባት እንታይ ከም ዘጋጠማ ኣብ ዝሓትዋ እዋን ዝተፈላለዩ ናይ ሓደጋ ምኽንያታት እንዳሃበት ንሰብኣያ ትሓብኣሉ ነበረት።

“ኣብ መዓጾ ተናጉጸ”

“ስራሕ ገዛ እንዳሰራሕኩ ተዓንቂፈ ወዲቀ”

ተቀማጦ ሆብ-ሳውንድ ብሓድሽ ጠባያት ዉዲን ኣብ ልዕሊ ሰበይቱ ብዝገብሮ ዝነበረ በደላትን ክቕጥዑ ጀመሩ። ንኩነታቱ ኣነጺሮም ምስ ፈልጡን ስግንጢር ዝተቐየረ ጠባያቱ ንኹሎም ክገሃደሎም ምስ ጀመረን ብዙሓት ምስ ፔጊ ክደናገጹ ተራኣዩ። እንተ ንሳ ግን ሽሕ’ኳ ሰብኣያ በደለኛን ጀማሪን ኮይኑ ኣብ ቀጻሊ ባእሲ ይኣቱ ምህላዉ ተፈለጠት ምስኡ ምድንጋጻ ቀጸለት።

“ዉዲ ጭንቀት ስለዝገበረ እዩ እንበር ከምኡ ዓይነት ሰብ ኣይኮነን። በጃኹም ምስ ሕልንኡ ስለዘየለ ከይሓርቐኩም ንኩነታቱ ተረድኡሉ” ብምባል ንተበዲልና በሃልቲ ዝሓዘነትሎም ክትመስል ትፍትን ነበረት።

** ** **

ቀንዲ ጠንቂ ዘይንቡር ጠባያት ዉዲ እንታይ ዘበገሶ ምኽኑ ዝፈለጠ ዶክተር ቲችነር እዩ። ብድሕሪ’ዚ ዶክተር ንፔጊ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ

ብምጽዋዕ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ክመክር ወሰነ። ፔጊ መጸዋዕታ ዶክተር ሃንደበት ስለዝኾና እንዳተሻቀለት ኣብ ሰዓታ ደበኽ በለት።

“እንታይ ጸገም ተፈጢሩ ድዩ ዶክተር?” ብምባል ቅድሚ ሰላምታ ንዶክተር ተወከሰቶ።

ዶክተር መልሲ ቅድሚ ምሃቡ ንፔጊ ኣስተብሃለላ። የሚንታ ቅሩብ ሓቢጡ ኣብ ምዕጉርታ ከኣ ስንብራት ከም ዘሎ ተመልከተ።

“ፔጊ ..... ዉዲ ሓሺሽ ከም ዝወስድ ትፈልጢ’ዶ?”

“ኣይመስለንን!!” ኮፍ ኢላትሉ ካብ ዝነበረት ሃንደበት ተንሰኣት, “ኣይኣምነካን እየ ዶክተር .... ነዚ ክትነግረኒ ትብል ዘለኻ ነገር ኣይኣምኖን እየ ..... ኣይኣምነካን እየ ዶክተር!!!”

“ኮፍ እሞ በሊ ፔጊ .... ነቲ ሓቂ ክትፈልጥሉ ኣብ ዝግበኣኪ ግዜ ኢና ዘለና። ንኻልእ ሰብ’ኳ ንጹር እንዳኾነሉ ዝመጽአ ሓቂ እዩ። እንተ ነዓኺ ግን ንከይተስተብህሊ ፍቕሪ ጋሪዱኪ ይኸውን እዩ። ርግጸኛ እየ ጠባያቱ ከም ዝተቐያየረ ኣስተብሂልክሉ ትኾኒ ኢኺ። ጽቡቕ ኣሎ እንዳበልክዮ ሃንደበት ዝገብሮን ዝብሎን ይጠፍኦ ኣሎ ሓቀይ?”

ፔጊ ሓቀኛ ምስሊ ሰብኣያ ቅጅል እንዳበላ፡ ኣቐዲማ ኮፍ ኢላትሉ ኣብ ዝጸንሐት መንበር ተቐመጠት።

“ሰብኣይኪ ውሉፍ ናይ ሓሸሽ እዩ ፔጊ”

“ኣይኮነን!!” በለት ድርቕ ኢላ። “ሰብኣየይ ውሉፍ ኣይኮነን”

“ፔጊ ስለ ዘረጋገጽኩ እየ ከምኡ ዝብለኪ ዘለኹ ..... በቲ ክውንነታዊ ነገር እሞ ክትኣምኒ ጀምሪ። ክትሕግዞዮ ኣይትደልይን ዲኺ?”

“ይዲሊ እንበር ዶክተር!!” የእዳዋ ከይተረድኣ ክትጨባበጥ ጀመረት። “ንዉዲ ዝከኣለኒ ዘበለ ኩሉ እንዳገበርኩ ክሕግዞ ይዲሊ እንበር!!”

“ሕራይ እንበኣር ..... ክትሕግዞዮ ትደልዮ እንተኾይንኪ ካብ ሎሚ ክንጅምር ኢና። ንዉዲ ናብ ሕክምናዊ ተሃድሶ ከም ዝኣቱ ኣብ ንገብሮ ጻዕሪ ክትሕግዝና ኣሎኪ። ናብ ቤት-ጽሕፈተይ መጺኡ ንከዘራርበኒ ስለ ዝለኣኽኩሉ ንስኺ ጥራይ ንከይተርፍ ዝካኣለኪ ግበሪ”

ፔጊ ንካልኢታት መልሲ ከይሃበት ንዶክተር ጠመተቶ። ርእሳ ብኣወንታ ድሕሪ ምንቅናቅ “ሕራይ” ዝብል ሓጺር መልሲ ሂባቶ ካብቲ ቤት-ጽሕፈት ወጽአት።

** ** **

ንዉዲ ዶክተር ከዘራርቦ ከም ዝደለየ ምስ ነገረቶ፡ ዘይከም ዝፈርሓቶ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ከም ዝኸይድ ሓበራ።

“ደሊኻኒ ኔርካ ዶክተር? .... ብዛዕባ ፔጊ ድዩ?”

“ኖኖእ ዉዲ .... ዝደለኹኻ ምክንያት ብዛዕብ ፔጊ ዘይኮነ ብዛዕባኻ ክንዘራረብ ስለዝደለኹ’የ”

ዉዲ ዘይተጸበዮ ኮይንዎ ንዶክተር ጠመቶ። “ንዓይ?!! ... እንታይ ናይ ጥዕና ጸገም ጌይረ ድየ ዶክተር?”

“ጸገምካ ንስኻ በዓልኻ ትፈልጦ ኢኻ መስለኒ”

“እንታይ ኢኻ ክትብል ደሊኻ ዶክተር? እንታይ እዩ እቲ ትፈልጠለይ ጸገም?”

“ስማዕ ዉዲ ..... ብሕብእብእ እንተቐጺልካ መጀመርታ ንህይወትካ ደሓር ከኣ ንህይወት ፔጊ ኢኻ ተበላሽው ዘለኻ። እንታይ ዓይነት ሓሽሽ ኢኻ ትወስድ ዘለኻ?”

“ትወስድ ዘለኻ?!”

“እወ። ሰሚዕካኒ እንዲኻ!! እንታይ ኢኻ ትወስድ ዘለኻ?”

ዉዲ መልሲ ከይሃበ ንነዊሕ ካልኢታት ስቕ ብምባል ሓሰበ።

“ክተሓባበረካ ስለዝደለኹ እየ ዝሓተካ ዘለኹ” በሎ ዶክተር ቲችነር፡ ዓይነት እቲ ሓሽሽ ካብ ዉዲ ንክሰምዕ እንዳተጸበየ።

ዉዲ ኮፍ ካብ ዝብለሉ መንበር ከይተንሰአ ርእሱ ናብ መሬት ደፊኡ ክሓስብ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብልሕቱት ድምጺ ነቲ ሓቂ ክነግር ጀመረ።

“ጽቡቕ ኣለኻ ዶክተር ... ንነብሰይ ከተዓኻሽዋ እየ ጸኒሐ። ካብሕጂ ግን ከምኡ ክገብር ዝኽእል ኣይመስለንን”

“እንታይ ኢኻ’ኸ ትወስድ ኔርካ?”

“ሄሮይን”

“ሄሮይን!!” ዶክተር ካብ ምሒር ስንባደ መነጽሩ ከውጽእ ኣይተረድኣን።

“እመነኒ ዶክተር .... ንኽቋርጾ ብዙሕ ፈቲነ እየ እንተኾነ ኣይከኣልኩን”

“ዉዲ .. ዓቢ ሓገዝ የድልየካ ኣሎ። ነዚ ሓገዝ እትረኽበሉ ቦታ ከኣ ክነግረካ እየ”

“ከም ድሌትካ ተዝኾነለይ ንዓይ’ውን ደስ ምበለኒ ዶክተር” በሎ ዉዲ ሓዘንተኛ ክመስል ብትሑት ድምጺ።

“ስምዓኒ ዉዲ ኣብ ደሴት ጁፒተር ዝርከብ ሃርቦር-ግሩፕ ክሊኒክ ዝበሃል ማእከል ጥዕና ንኩነታትካ ብቐረባ እንዳተከታተሉ ካብ ዘለኻዮ ወልፊ ከናግፉኻ ዝኽእሉ ሰብ ሞያ ኣለዉ። ናብኡ ኬይድካ ክሳብ እትሓዊ ጥዕናኻ ክትከታተል ኣሎካ። ከምኡ ክትገብር ትኽእል ዲኻ?”

ዉዲ ተቀላጢፉ መልሲ ከይሃበ ክሓስብ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ መወዳእታ ርእሱ ብምንቕናቅ ከም ዘተግብሮ ንዶክተር ቲችነር ገለጹሉ።

“ጽቡቕ!! ... ግን ነቲ ትወስዶ ሄሮይን ካብ መን ኢኻ ትረኽቦ ኔርካ?” ሓተቶ ዶክተር።

“መልሲ እዛ ሕቶ ክነግረካ ኣይክእልን እየ ዶክተር”

“ጽቡቕ ደሓን። ኣይትንገረኒ። እቲ ዘገድስ ንስኻ ካብቲ ወልፊ ንክትናገፍ ምውሳንካ እዩ። ናብቲ ክሊኒክ ንኽትከይድ ብወገንካ ተዳሉ። ብወገነይ ኣድላይ ዝብሎም ነገራት ኣጻፊፈልካ ክጸንሕ እየ”

** ** **

ንጽባሒታ ንግሆ ዶክተር ቲችነር ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሓለቃ ስታፍ ፖሊስ ሆብ-ሳውንድ ኣትዩ ኮፍ በለ።

“ነቲ ዝወስዶ ሄሮይን ሓደ ሰብ ይህቦ ኣሎ። ንኽነግረኒ ሓቲተዮ ከኣ ፍቃደኛ ኣይኮነን”

ሞርፈይ ሓለቃ ስታፍ ፓሊስ ሆብ-ሳውንድ እዩ። ንዶክተር ቲችነር ክሰምዖ ድሕሪ ምጽናሕ ክጥርጥሮ ዝኽእል ሰብ ኣብ ኣእምርኡ ሃንደበት ቅጅል በሎ።

“ደሓን ኣይትሻቀል ዶክተር ... መን ክህቦ ከም ዝኽእል ፈሊጠዮ ኣለኹ”

** ** **

ሆብ-ሳውንድ ንእሽቶ ብምኻና፡ ነበርታ መን እንታይ ይገብር ንሓድሕዶም ኣጸቢቆም እዮም ዝፋለጡ። ቅድሚ ሹዱሸተ ኣዋርሕ ይኸውን ኣብ ሆብ-ሳውንድ ብምምጻእ ናይ መስተ ኣከፋፈልቲ ብምኻን ንግዳዊ ትካል ዝኽፈቱን ዝተፈላለዩ ኣብ ዓይኒ ፖሊስ ዝኣተው ዉልቀሰባት ከም ዓማዊል ዝሓዙን ሰብ ሃብቲ ኣለው። እዚኣም ጥራይ ከይኣኽሉ’ውን ሓደ ናይ ክሊኒክ ዶክተር ንተገልገልቲ ካብ ዓቕንን ግቡእን ንላዕሊ ናይ ቃንዛ መድሃኒት ብምሃቡ ዝተኸሰሰ ተቐማጣይ ሆብ-ሳውንድ ኣሎ። ካልእ ክጥርጠር ዝኽእል ሰብ እንተሎ ከኣ፡ ቅድሚ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ሓድሽ ጂምናዝዮም ዝኽፈተ ውልቀሰብ እዩ። ከምቲ ዝውረየሉ እንተኾይኑ፡ እዚ ሰብ እዚ ዘይተፈጥሮኣዊ ሆርሞናትን ኣደንዘዝቲ ሓሸሻትን ንፍሉያት ዓማዊሉ የቕርብ እዩ።

ሓለቃ ስታፍ ፓሊስ ሆብ-ሳውንድ ግን ካብ ሰለስቲኣም ወጻኢ ካልእ ሰብ እዩ ጠርጢሩ። ቶኒ-በነዶቲ ይበሃል። ኣብ ሆብ-ሳውንድ ንነዊሕ ዓመታት ጀርዲነር ብምኻን ዝሰርሐ ሰብ እዩ። ቶኒ-በነዶቲ ኣታኽልቲን ዕንባባታትን ብምክንኻንን ናይ ዝተፈላለዩ ሃብታማት መናፈሻ ብምውቃብን ግዚኡ ከሕልፍ ብጣዕሚ እዩ ደስ ዝብሎ። ዝበዝሐ ግዚኡ ምስ ኣታኽልቲ የሕልፎ ብምንባሩን ምስ ሰባት ትሑት ምቅርራብ ስለ ዝነበሮን፡ ተቐማጦ ሆብ-ሳውንድ ብዛዕቡኡ ዓሚቕ ዝኾነ ኣፍልጦ የብሎምን። ቶኒ-በነዶቲ ንዘይፈልጦ ሓዲሽ ሰብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዝዛዘመ ምሁር እንበር ጀርዲነር ኣይምመሰሎን። በቲ ምስ ስርሑ ዘይከይድ ግርማን ኣከዳድናን ሰባት ኩሉ ሻዕ ድሕረ ባይትኡ ንክፈልጡ ምስ በሃጉ እዮም።

ቶኒ-በነዶቲ ካብ ሓለቃ ስታፍ ፖሊስ ሆብ-ሳውንድ መጻዋዕታ ወረቐት ድሕሪ ምቕባሉ ናብ ቤት-ጽሕፈት ሞርፈይ ኣምረሐ።

“ብዛዕባ መምርሒ ፍቓድ መኪና እንተኾይንካ የሕዲሰዮ ኣለኹ”

“ኮፍ በል!!” ሞርፈይ ገጹ ኣሲሩ ትርር ብዝበለ ድምጺ ኣብ ቅድሚኡ ናብ ዘሎ መንበር እንዳመልከተ ንቶኒ-በነዶቲ ኮፍ ክብል ኣዘዞ።

“እንታይ ኣጓኒፉ ድዩ?”

“ምሁር ሰብ ኢኻ ሓቀይ ቶኒ?”

“እወ” መለሰ ቶኒ-በነዶቲ።

ሞርፈይ ኣብ ጠረጴዛ ቤት-ጽሕፈቱ ብምጽጋዕ፡ ንካልኢታት ትም ኢሉ ንቶኒ ጠመቶ። “እሞ ብኽመይ ደኣ ምሁር ከለኻ ጀርዲነር ትሰርሕ ኣለኻ?”

“ኣታኽልትን ተፈጥሮን ብጣዕሚ የድንቐን ይፈትውን ስለዝኾንኩ መስለኒ”

“ካልእ ከም ተወሳኺ ትፈትዎ ነገር’ከ እንታይ ኣሎ?”

“ኣይትሓዘለይ!! እንታይ ክትሓትት ከም ዝደለኻ ኣይተረድኣንን”

“ኣይተረድኣካን?!!” ሞርፈይ ንይምሰል ፍሽኽ በለ። “ንኽንደይ ዓመታት ኢኻ’ከ ከም ጀርዲነር ኮይንካ ሰሪሕካ?”

ቶኒ-በነዶቲ ብዘይተጸበዮ ሕቶታት ሓለቃ ፖሊስ ተገረመ። “ዝኾነ ካብ ዓማዊለይ ዝመጽአ ክስታት ኣሎ ድዩ?”

“ዝተሓተትካዮ ጥራይ መልስ!!” ሞርፈይ ገጹ መሊሱ ጸወነ።

“እ ... ከባቢ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት”

“ኣዝያ ጽብቅቲ ፈጣን ጀልባን ናይ ውልቅኻ ገዛን ኣሎካ ሓቀይ?”

“እወ”

“እሞ ብኽመይ ደኣ ነቲ ውቁብ ገዛን ፈጣን ጀልባን ጀርዲነር ኮይንካ ብተእትዎ ንኡስ ኣታዊ ክተጥርዮ ኪኢልካ?”

“እቲ ገዛ ትብሎ ዘለኻ መዓረ ክንድዚ ዝጋነን ውቁብን ዓቢን ኣይኮነን፡ እታ ጀልባ እውን ንእሽቶ’ያ”

“ምናልባት ብዘይካ ጀርዲነር ካልእ ኣታዊ ትረኽበሉ ስራሕ ከይህልወካ?” ሞርፈይ መስቀላዊ ሕቶታት ኣከታቲሉ ኣቅረበሉ።

“እንታይ ስለዘጋጠመ ኢኻ ግን ከምዚ ኢልካ ትሓተኒ ዘለኻ?” ቶኒ-በነዶቲ መበገሲ እቲ ዝቀርበሉ ዘሎ ሕቶታት እንታይ ንምርግጋጽ ምኻኑ ክፈልጥ ብምድላይ ህድእ ኢሉ ሓተቶ።

“ነቶም ኣብ ማያሚ ንዝቕመጡ ሰብ ሃብቲ፡ ኣብዚ ኮይንካ ተሳልጠሎም ስራሕ ኣሎካ ሙሽ?!” ሞርፌይ ንሕቶ ቶኒ መልሲ ከይሃበ ሕቱኡ ምሕታት ቀጸለ።

“እወ”

“ኣብ ከተማ ማያሚ ብዙሓት ኢጣልያዊያን እዮም ዘለው ..... ቅሩብ ከም ምትሕብባር ንዓታቶም ወኪልካ ሰሪሕካ ኣይትፈልጥን?”

“እንታይ ዓይነት ምትሕብባር?”

“ከም ኣሻያጢ ሓሺሽ ኮይንካ ምስራሕ?”

ቶኒ-በነዶቲ ብስንባደን ፍርሒን ተዋሒጡ ንሓለቃ ስታፍ ፖሊስ ሆብ-ሳውንድ ጠመቶ። “ብፍጹም!!”

ሞርፌይ ተዛንዩ ከዘራርቦ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ጠረጴዝኡ መሊሱ ተጸግዐ። “ሓደ ነገር ክነግረካ እየ ... ካብ ዝከታተለካ ነዊሕ ግዜ ኮይኑ’ሎ። ምስ ገለ ዓማዊልካ እውን ተዘራሪበ ኣለኹ። ትሰምዓኒ ኣለኻ ቶኒ-በነዶቲ ... ንዓኻ ይኹን ነቶም ኣስራሕትኻ ዝኾኑ ኢጣልያዊያን ማፍያታት ኣብ ሆብ-ሳውንድ ዝደልየኩም ሰብ የለን። ይርድኣካ ኣሎ ድዩ?!!”

በነዶቲ የሚንቱ ብምዕማት መልሲ ከይሃበ ንካልኢታት ሱቕ በለ። ኣብ መወዳእታ ንዝፈጠጣ የሚንቲ ሞርፌይ ጠሚቱ “ነጺሩ ተረዲኡኒ ኣሎ” ብምባል ብትሑት ድምጺ መለሰሉ።

“ጽቡቕ እንበኣር .... ጽባሕ ካብ ሆብ-ሳውንድ ክትወጽእ ኣሎካ!! ደጊመ ክምለስ ይኸውን ኢልካ ከይትሓስብ፡ ተዘይኮይኑ ግን እቲ ዝስዕብ ሳዕቤን እንታይ ምኺኑ ኣይጠፍኣካን ይኸውን”

** ** **

ዉዲ ስታንፎርድ ናብ ሃርቦር-ግሩፕ ክሊኒክ ከይዱ ንሰለስተ ሳምንታት ዝኣክል ሕክምንኡ ክከታተል ጸንሐ። ሕክምንኡ ዛዚሙ ንገዝኡ ክምለስ ከሎ፡ እቲ ናይ ቀደም ባህሪያቱ ተመሊሱ ሕጉስን ተጻዋታይን ከም ዝተቐየረ ኣመስከረ። ንቑሩብ ሳምንታት ኣብ ገዝኡ ዕረፍቲ ድሕሪ ምውሳድ፡ ናብቲ ኣዝዩ ዘፍቅሮ ጸወታ ቃርሳ ፈረስ ተመልሰ። ሚሚ ካርሰን ሳላ ሃብቲ ስድራኣ ካብ ዘጥረየተን ድንኪ

ኣፍራስ እንዳተለቅሐ ዳግማይ ፈረስ ምግላብ ስርሐይ ኢሉ ተታሓሓዞ።

** ** **

ሰንበት እዩ ዘሎ፡ ብኣጋጣሚ መበል ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመት ምጅማር ፓልም-ቢች ጸወታ ቃርሳ ፈረስ ንዝካየድ ግጥም ክከታተሉ ልዕሊ ሰለስተ ሺሕ ተዓዘብቲ ኣብቲ ብፍሉይ ንመጻወቲ ቃርሳ ፈረስ ተባሂሉ ዝተሃነጸ ስታድዮም ተኣኻኺቦም ኣለዉ። ጸወታ ንኽጅመር ሰዓታት ተረፉሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ጸሓይ ዝኣትዎ ሸነኽ እቲ ስታድዮም ከይተረፈ ብኣፍቀርቲ ስፖርት ክመልእ ተቓሪቡ ኣሎ።

ፔጊ ኣብ ምዕራባዊ ሸነኽ ጽላል ብዘለዎ ወገን ናይቲ ስታድዮም ምስ ሚሚ-ካርሰን ኮፍ ኢላ ኣላ።

“ዉዲ ... ጸወታ ቃርሳ ፈረስ ንመጀመርታኺ ክትዕዘቢ ትኣትዊ ከም ዘለኺ ነጊሩኒ ..... ንምንታይ ኢኺ ግን ቅድሚ ሕጂ ዘይትመጺ ዝነበርኪ?”

ፔጊ ንከናፍራ እንዳረምጠጠት ንሚሚ-ካርሰን ጠመተታ። “ዉዲ ክጻወት ክርእዮ ከለኹ ስለዝሻቀል’የ ..... ዳግማይ ክጉድኣኒ ኣይደልይን’የ ሚሚ። ክሓተኪ ግን .... እቲ ጸወታ ኣዝዩ ሓደገኛ’ዩ ሓቀይ፡ ማለት ድሕነት የብሉን?”

“እወ .... ግን ድሕነት የብሉን ዘይኮነስ ኣብ 275 ሜትሮ ዝንውሓቱ ሜዳ ብድምር ሸሞንተ ተጻወቲ ነብሱ ወከፎም ልዕሊ 400 ኪሎ ግራም ዝምዘና ድንኪ ኣፍራስ ኣብ ሰዓት 65 ኪሎ ሜትር እንዳጋለቡ ክጻወቱ ከለው ሓደጋ ከጋጥም ይኽእል እዩ” ብምባል ሚሚ-ካርሰን እግረ መንገዳ ብዛዕባ እቲ ጸወታ ኣፍልጦ ከም ዘለዋ ሓበረታ።

“እንድዒ ሚሚ .... ሕጂ ግን ዝኾነ ነገር ንዉዲ ምስ ዘጋጥሞ ክጻወሮ ዝኽእል ኣይመስለንን። ብሓቂ እየ ዝብለኪ .... ብዛዕብኡ ክሻቀል ጥራይ ኣነ’ውን ከይተጸለልኩ ከይተርፍ”

“ደሓን ብዙሕ ኣይትሻቀሊ። ደሓር ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ እዩ። ኣብ ትሕቲ እቲ ፍሉጥ ኣሰልጣኒ ሄክተር እዩ ሰልጢኑ። ንሄክተር ትፈልጥዮ ዲኺ?”

“መን ኢልኪ?” ሓተተት ፔጊ ናብ ሜዳ ክትጥምት ጸኒሓ ኣቓልቦኣ ናብ ሚሚ ብምምላስ።

“ኣሰልጣኒ ቅድሚ ምኻኑ ናይ 10 ነጥቢ ተጻዋታይ ቃርሳ ፈረስ እዩ ነይሩ። ኣዝዩ ግኑን ስምን ዝናን ዘለዎ ኣሰልጣኒ’ዩ”

ኣፍራስ ተጻወቲ ናብ ሜዳ ክኣትዋ ምስ ጀመራ፡ ተዓዘብቲ ካብ ኮፍ ዝበለሉ ብምትንሳእ ብዓውታን ጨብጨባን ክቕበልዎም ጀመሩ።

“ጸወታ ክጅመር ማለት ድዩ?” ሓተተት ፔጊ።

“እወ ..... ናይ ቅድመ ጸወታ ምርስሳኖም ወዲኦም ጸወታ ክጅምሩ ተዳልዮም ኣለው”

ናይ ኣንጻር ተጻወቲ ብጉጅለ ኣርባዕተ ብምኻን ኣብቲ ግቡእ ቦትኦም ኣፍራሶም ሰሪዖም ጸወታ ንምጅማር ተዳለው። ዉዲ ብተንተንቲ ጸወታ ብዝተዋህቦ ግምት እንተኾይኑ ኣብ ጽቡቕ ቁመና እዩ ዝርከብ ዘሎ።

ሸሞንቲኦም ተጻወቲ ኣብቲ ጉቡእ ቦትኦም ተሰሪዖም ኣቓልቦኦም ናብ ዳኛ ገይሮም ንመኾብኮቢ በትሮም ኣትሪሮም ብምሓዝ ኣብ ሞንጎኦም ንእትድርበ ኩዕሶ ክሃርሙ ተዳለው።

“ኣብዚ ጸወታ ሹዱሸተ ናይ ዕረፍቲ ሓጸርቲ ግዜያት ኣለዋ” ሚሚ-ካርሰን ፋልማያ ክትዕዘብ ንዝመጸት ፔጊ ብዛዕባ ሕግታት እቲ ጸወታ ክትገልጸላ ጀመረት። “እተን ናይ ዕረፍቲ እዋን እንተሓዲግናየን ሸዱሸተ ናይ ጸወታ እብረ-ግዜ ኣሎ ማለት እዩ። እዘን ሹዱሸተ ‘ቻከርስ’ ተባሂለን እየን ዝጽወዓ። ሓንቲ ቻከር ክሳብ ዳኛ ፊስኩኡ ዝሃርም ኣይትቋረጽን እያ። ከምቲ ዝነገርኩኺ ኣብ ሞንጎ ክልተ ቻከር ሓጺር ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኣሎ። ኣብቲ ናይ ዕርፍቲ ግዜ ተጻወቲ ኣፍራስ ክቅይሩ ወይ ውን ኣብ ደቂ ጋንታ ንሓድሕዶም ክቀያየሩ ይኽእሉ እዮም። እታ ኣብ ልዕሊ ፈረስ እንዳጋለብካ ኩዕሶ ብምኹብካብ ናብ ኣንጻር ጋንታ ዝበዝሐ ጎል ዘመዝገበት ከኣ ተዓዋቲት እቲ ውድድር ትኸውን ማለት እዩ”

“የቕንየለይ ሚሚ ..... ከም ዝፈትዎ ትገብርኒ’ለኺ”

ዳኛ ኩሉ ነገር ምስ ኣረጋገጸ ንዝሓዛ ጸዓዳ ኩዕሶ ብማእከል ክልተ መስርዕ ኣፍራስ ሰደዳ። ጸወታ ተጀመረ።

** ** **

እቲ ጸወታ ኣዝዩ ቅልጡፍ ነበረ። ዉዲ ኣብ ፈላሚ ምንቅስቃሱ ኩዕሶ ክሕዝ እኳ ተኻኣለ፡ እታ ዝቀልዓ ኩዕሶ ከምቲ ዝሓሰቦ ንወዲ ጋንትኡ ከይበጽሐት ናብ ተጻዋታይ ኣንጻር ጋንታ ገጻ ኣምረሐት። ወዲን እቲ ነታ ኩዕሶ ንክሕዝ ዝደለየ ተጻዋታይ ኣንጻር ጋንታ ብኣፍራሶም ናብታ ኩዕሶ ገጾም ብኣንጻር ማእዝን ክጋልቡ ጀመሩ። ተጻዋታይ ኣንጻር ጋንታ ቀዲሙ ኣብታ ኩዕሶ ከም ዝበጽሕ ዝገመተ ዉዲ መቀናቕንቱ ንኩዕሶ ከይቀልዓ ብምባል ንዝሓዘ ነዊሕ መህረሚ በትሩ ኣብ ፊት እታ ኩዕሶ ተኸለ።

“ንምንታይ ከምኡ ገይሩ?” ሓተተት ፔጊ።

“መቀናቕንትኻ ቀዲሙካ ንኩዕሶ ክቀልዓ ክብል ከሎ ንበትርኻ ኣብ ቅድሚ እታ ኩዕሶ ብምትካል ናብቲ ዝሓሰቦ ንኸየብጽሓ ክትዓግቶ ትኽእል ኢኻ .... ረኣዮ ሕጂ ነታ ኩዕሶ መታን ክምንጥል እንታይ ዓይነት ጥበብ ከም ዝጥቀም ....”

ስታድዮም ብድምጺ ደገፍቲ ደመቀ። ተጻወቲ ብልዑል ፍጥነት ንኩዕሶ እንዳተቐባበሉ ማራኺ ጸወታ ምንጽብራቐም ቀጸሉ።

ዉዲ ኣብተን ናይ መጀመርታ ሰለስተ ቻከር ጽቡቕን ማራኺን ምንቅስቃስ ኣርኣየ። ኣብ ነብሱ ወከፍ ቻከር ክልተ ጎል ከመዝግብ ብምኽኣሉ ካብ ደገፍቱ ልዑል ናእዳ ክረክብ ከኣለ። ዉዲ ከምቲ ኩሎም ደገፍቱ ዝፈልጥዋ ፍርሒ ዘይፈልጥ ብፍጥነት ንፋስ ዝጋልብ ተጻዋታይ ኮይኑ ኣርፈደ። ኣብ ምዝዛም ሓምሽይቲ ቻከር ከኣ ሳላ ብሉጽ ጸወትኡ ጋንትኡ ንመቀናቕንታ ብገፊሕ ነጥቢ መሪሓ ወጽኣት። ዉዲ ካብ ፈረስ ብምውራድ ናብ ክፍሊ መቀያየሪ ክዳን እንዳምረሐ ፔጊን ሚሚ-ካርሰን ኮፍ ናብ ዝበላሉ ጠሚቱ ናይ ርሑቅ ሰላምታ ሰደደለን።

ፔጊ ብሰብኣያ ኩርዓት እንዳተሰምዓ ንሚሚ ጠመተታ።

“ከምዚ ኣይመስለንን ነይሩ እቲ ጸወታ ..... ጽቡቕ’ዶ ነይሩ?”

ሚሚ-ካርሰን መልሲ ቅድሚ ምሃባ ጠመተታ። “ሰሓቢ ... ብኹሉ ነገሩ እንበር” በለታ።

** ** **

ደቂ ጋንትኡ ብዘርኣዮ ብሉጽ ጸወታ ክንእድዎ ጀመሩ።

“ናይ ብሓቂ ዉዲ!! ... ገለ ዓይነት ዘይእመን ጸወታ ኢኻ ኣርኢኻና”

“ብሓቂ ዝነኣድ ጸወታ!”

“የቐንየለይ” ዉዲ ኣመስገነ።

“ንዝተረፈትና ሓንቲ ቻከር ግን ከምዛ ዘለናያ ከይተዛነና ክንዛዝማ ኣሎና፡ ምኽንያቱ ዝፈለናዮም ነጥቢ ወላ ውሑድ ደኣ ኣይኹን እንበር ዘዛኒ ኣይኮነን”

ዉዲ ብሻቅሎት ደቂ ጋንትኡ ፍሸኽ በለ። “ቅሰኑ ደሓን!!”

ዉዲ ደቂ ጋንትኡ ንሻድሻይን ናይ መወዳእታን ቻከር ንኽጻወቱ ምድላዋቶም ከም ዘጻፈፉ ኣስተብሃለ። በዚ መጺኡ ዘይበሎ ድኻም ክስምዖ ጀመረ። *ንነብሰይ ባዕለይ የድክማ ኣለኹ ..... ሓሰበ ዉዲ ..... ገና ናብ ጸወታ ክምለስ ብቁዕ ዘይምኻነይ እንዳፈለጥኩ እየ ክጻወት ወሲነ። ከመይ ገይረ እየ ሕጂ ከምተን ዝሓለፉ ቻከርስ ክጻወት ዝኽእል?! ... ኣይክእልን እየ። ካብ ጸወታ ኣቋሪጸ እንተ ወጺኣ ከኣ መሰሓቕ ሰብ ምኽነይ እዩ ..... ፍርሒ ክስምዖ ጀመረ።* ህርመት ልቡ ክውስኽ ተረድኡ። *.... ደሓን ወይ ቅሩብ መታን .... ኖኖእ!! ብፍጹም ከምኡ ኣይገብርን እየ። መሊሰ ንድሕሪት? ... ዳግማይ ናብኡ ንከይምለስ ምስ ነብሰይ ቃል ኣትየ እየ። ..... ኡፍፍፍ!! እንታይ ጸገም'ዩ፡ ጋንታይ ግን ንዓይ እዮም ዝጽበዩ ዘለው። ... በቃ ደሓን ሓንሳብ ጥራይ ንቃለይ ክጥሕሰ!! ብድሕሪኡ ግን ፍጹም ኣይክደግምን እየ!! እምሕል ኣለኹ ኣምላኽይ ደረመ ንከይጥቀመሉ .....* ዉዲ ሰብ ንከይርእዮ ተጠንቂቑ ካብቲ ስታድዮም ብምውጻእ መኪንኡ ናብ ዝተዓሸገትሉ ቦታ ጎየየ።

** ** **

ናብ ስታድዮም ምስ ተመለሰ ሙሉእ ሓይሉ ብታኣምራት ዝተመልሰሉ ኮይኑ ተሰምዖ። የሚንቱ ፈጢጠን ንኹሉ ኣብ ሜዳ ዘጋጥም ክስተት ዝተዳለዋ መሲለን ኣለዋ። ንተዓዛባይ ህዝቢ ናይ ኢድ ሰላምታ እንዳሃበ ኣብ ፈረሱ ተወጢሑ ናብቶም ሜዳ ኣትዮም ክጽበይዎ ዝጸንሑ ደቂ ጋንቱኡ ተጸንበረ። *..... ጋንታ ዝበሃል'ውን ኣየድልየንን እዩ .... ሓሰበ። ..... ነዞም ወኻሩ ንበይነይ ተጻዊተ*

ክሰዕሮም ይኽእል እየ። መን ምኽነይ ዝዘንጉዑ ይመስሉ ... ዉዲ!! እቲ ናይ ዓለምና ብሉጽ ተጻዋታይ ይበሃል!! ..... ደስታን ሓይልን እንዳተሰምዖ ፍሽኽ በለ።

** ** **

እቲ ሓደጋ ኣብ መበል ሻድሻይ ቻከር ኣጋጠመ።

ዉዲ ንኩዕሶ እንዳኮብከበ ናብ ልዳት ኣንጻር ጋንታ እንዳጋለበ ከሎ፡ ናይ ኣንጻር ጋንታ ተጻዋታይ ናብኡ ለጊቡ ናብ ሓደ ማኣዝን ማዕሪኡ ክጋልብ ጀመረ። እዚ ጥራይ ከይከውን በታ ኩዕሶ ዝኩብከበላ ዘሎ ወገን እውን ናብኡ ገጹ ብናህሪ እንዳጋለበ ካልእ ኣባል ኣንጻር ጋንታ ይመጽኡ ከም ዘሎ ኣስተብሃለ። ዉዲ ናብኡ ገጹ እንዳጋለበ ዝመጽእ ንዘሎ ፈረሰኛ ንዝኹብኩባ ዘሎ ኩዕሶ ከይምንጥሎ ብምባል ቀሊው ብማዕዶ ይርእዮ ንዘሎ ወዲ ጋንትኡ ንክህቦ ክብል ስሒትዋ ኩዕስኡ ብድሕሪ ፈረሱ ተረፈት። ነዚ ዕድል ዝረኸበ ምስኡ ተጻጊው ክጋልብ ዝጸንሐ ተጻዋታይ ኣንጻር ጋንታ ንፈረሱ ብቅጽበት ጠውዩ ንኩዑሶ ብምሓዝ ናብ በዓል ዉዲ ልዳት ገጹ ክጋልብ ጀመረ።

ዉዲ ተቀላጢፉ ንፈረሱ ብምጥዋይ ከምቲ ለጊቡ ክርብሾ ዝጸንሐ ንኽገብር ኣርኪቡ ተጸግዖ። ብዝተኻኣሎ ዓቅሚ ንተጻዋታይ ኣንጻር ጋንታ ብዝሓዘ መህረሚ ዕንጨይቲ ኩዕሶ ክምንጥሎ ፈተነ፡ ክሰልጦ ግን ኣይከኣለን። እቲ ቀንዲ መቀናቕንቱ ዝኾነ ሃሚልቶን ንኩዕሶ እንዳኮብኮበ ናብ ልዳቱ ገጹ ምቕራቡ ምስ ፈለጠ ግን ኣብ ውሳነ በጽሐ።

ንፈረሱ ብናህሪ ናብ ቅድሚት ብምግላብ ንሃሚልቶን ቅሩብ ምስ ቀደሞ ንፈረሱ ናብ መንገዲ ሃሚልቶን ከም ዝጥወ ገበሮ። ሃንደበት መንገዲ ዝተዓጸዎ ፈረስ ሃሚልቶን ዝገብሮ ነገር ብዘይምንባሩ ንጋላቢኡ ሒዝዎ ናብ መሬት ብዘለዎ ናህሪ ወደቐ። ኩሉ ኣብቲ ስታድዮም ዘሎ ተዓዛባይ ብስንባደ ካብ ዝተቀመጠሉ ተንሰኣ። ዳኛ ፊስካ ነፊሑ ጸወታ ደው ከም ዝብል ብምግባር ንኣባላት ህጹጽ ረድኤት ናብ ሜዳ ንኽኣትዉ ብኢዱ ምልክት ገበረ። ካብ ተጠቀስቲ ሕግታት እቲ ውድድር ተጻዋታይ ኩዕሶ ኮብኪቡ እንዳጋለበ ከሎ

ሃንደበት ብቅድሚ መስመሩ ሰንጢቅካ ምሕላፍ ኣይፍቀድን ዝብል እዩ። ዝኾነ ነዚ በደል ዝፈጸመ ተጻዋታይ ከኣ ከስዕቦ ብዝኽእል ሓደገኛ ሓደጋ ኣብ ግምት ኣትዩ ከም መቐጸዕቲ ተበዳሊት ጋንታ ብዙሕ ነጥቢ ክተመዝግበሉ እትኽእል ፋወል ከም ትረክብ ይግበር።

ዳኛ ሓሪቁ ናብ ዉዲ ብምቅራብ “እዚ ብፍላጥ ዝተፈጸመ ጌጋ’ዩ!!” በሎ።

ዉዲ ትዕቢት ተሰሚዕዎ ፍሽኽ በለ። “ናተይ ጌጋ ኣይኮነን!! .... ከም ገለ ዓይነት ፈረሱ’ዩ ....”

“ኣንጻር ጋንታኻ ናይ ፍጹም ቅላዕ ኩዕሶ ተዋሂብዎም ኣሎ” በሎ ዳኛ ንዘረብኡ ከየወድኡ።

ብድሕሪ ምምዝጋብ እታ ፍጹም ቅላዕ፡ ዉዲን ደቂ ጋንቱኡን ከምተን ዝሓለፉ ሓሙሽተ ቻከርስ ብሉጽ ጸወታ ከርእዩ ኣይከኣሉን። ውዲ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ደቓይቕ ክልተ ተወሰኽቲ ካብ ጸወታ ወጻኢ ዝኾኑ በደላት ፈጸመ። ኣንጻር ጋንታ ብሰንኪ ዉዲ ዝፈጸሞም በደላት፡ ክልተ ጎላት ክተመዝግብ ከኣለት። ብጸወታ ክብለጹ ስለ ዝጀመሩ ተጻወቲ ኣንጻር ጋንታ ብነጥቢ ክዳረግዋም ጀመሩ። ኣብተን ናይ መወዳእታ ካልኢታት ምዝዛም እቲ ጸወታ ከኣ፡ ተጻወቲ ኣንጻር ጋንታ ክተዕውቶም ትኽእል ጎል ብምምዝጋብ ናይቲ ጸወታ ተዓወቲ ምኽኖም ኣረጋገጹ። ዉዲን ደቂ ጋንትኡን ዳርጋ ከም ርጉጽ ወሲዶሞ ዝነበሩ ዓወት ኣብ መወዳእታ ብዘሕፍር ስዕረት ተዛዘመ።

** ** **

ሚሚ-ካርሰን ጸወታ ዘይከም ትጽቢታ ከም ዝዛዘም ንዝገብሩ ምኽንያታት እንዳዘከረት በቲ ስዕረት ተገረመት።

“ጽቡቕ ኣይከዱን ሓቀይ?” ሓተተት ፔጊ።

“እወ ፔጊ .... ኣይትሓዝለይ ተሳዒሮም”

ኣኽባሪ ጸጥታ ስታድዮም ናብኣተን ገጹ መጺኡ ሰላምታ ድሕሪ ምሃብ “ወይዘሪት ካርሰን ... ፍቓድኪ እንተኾይኑ ሓንሳብ ግዳ ከዘራርበኪ?” በላ ብትሑት ድምጺ ናብ ሚሚ ኣንዳጠመተ።

ሚሚ ንፔጊ ጠሚታ “ኣይትሓዝለይ .. ክምለስ እየ ኣብዚ ጽንሕኒ?” ኢላታ ካብ ኮፍ መበሊኣ ተንሲኣ ምስቲ ሰብኣይ ኣምረሐት።

** ** **

ኣብ መቐየሪ ክዳውንቲ ምስ ኣተው ኩሎም በቲ ዘጋጠመ ስዕረት ሓዚኖም ንዉዲ ክጥምትዎ ጀመሩ። ዉዲ ብሰንኩ ከም ዝተሳዓሩ ስለዝኣመነ ደፊሩ ንገጽ ደቂ ጋንትኡ ክጥምት ኣይከኣለን። ሚሚ-ካርሰን ናብ ክፍሊ መቀየሪ ክዳውንቲ ኣተወት።

“ዉዲ ሓደ ሕማቅ ዜና ክነግረካ እየ” ኢላ ንኢዳ ኣብ መንኮቡ ኣንቢራ የዒንቱ ጠመተት “ኣይትሓዘለይ ዉዲ ከምዚ ኢለ ክነግረካ ከለኹ .... ኣ ... ኣቦኻ ሞይቱ ኣሎ”

ዉዲ ክሳዱ ኣድኒኑ ጸኒሑ ንሚሚ-ካርሰን ጠመታ። ተንሲኡ ድማ ሓቒፍዋ ክበኪ ጀመረ። “ኣነ ... ኣነ እየ በደለኛ። ኩሉ ናተይ ጌጋ’ዩ”

“ዉዲ በጃኻ ከምኡ ኣይትበል ... ኣየናይ እዩ ናትካ ጌጋ? ንነብስኻ ኣይትወንጅል!!”

“ኣነ’የ ጌገኛ ...” እንዳበለ ንሚሚ ሓቒፉ ምብካዩ ቀጸለ “ኣነ ነተን ፋወል ተዘይገብረን ነይረ ጋንታይ ተዓዋቲት ምኾነት ነይራ”

ሚሚ-ካርሰን ኣቦኻ ሞይቱ እንዳበለቶ ፍጹም ዘይተጸበየተን ቃላት ሰምዐት።

** ** **